መበል 25 ዓመት ፈቲቫል ካስል

መፈልርምታኡ ኣብ ድራይ ኣይሽ ሚልሃይም ቀጸለ ድማ ኣብ ካስል ካስል እዛ ዓባይ ጽላል።

ካስል፡-

እንቃዕ ኣብቀዓና
እንቃዕ ኣብቀዓኪ
ካብ ኦኣመት ናብ ዓመት
ደኺመ ከይበልኪ
መርሓባ ትብልና ደኺመ ከይበልኪ።

ምስ ታሪኽና ኩሉ ባህልና
ናፍቖትና ኩሉ ድለታትና

ሓንጎፋይ ንዑ ናባይ
እነሆልኩም እቲ ሽሻይ
ገዛኹም ኢዩ ገዛይ
ንቕሑ ዕበይሉ
ዲሞክራሲ ንምንዳይ።

ካስል፡-

ክምስለኪዶ ከም ኣደ ኣብ ዓቢ ደንበ
መጋርያ ኣጉዳ ንደቃ ትጽበ

ካስል ሞያኺ ክምለስ
ክጽሓፍ ከይሃስስ
ክቕረጽ ከይበርስ

ታሪኽ ክስነዶ
ንቐጻሊ ወለዶ።

ንግደትዶ ክብለኪ
ንግደት ናይ ኤርትራ
ምስ ብጾት ተራኺቢ
ካብ ዝመጽእዎ ስፍራ።

ካስል፡-

እሽትተኪ ኣሎ ዓወት
ንህዝቢ ኤርትራ ሓዲሽ ሂይወት
ይረኣየኪዶሎ እዚ መጻኢ
እዚ ውጹዕ ህዝቢ ሓርነት ክርኢ።

ካስል፡-

ትፈልጥዮ እንድኺ
ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ
ዕሽላት ሰዊኡ ኣሕሊፉ መከራ

ንስደት ተቓሊዑ እቲ ሕሱም ናብራ
ሕጂ ድማ ዝበኣሰ
ምስ በዓል ኣንቀራ።

ካስል፡-
ብናጽነት ኤርትራ'ውን ብዙሕ ተሓጉስኪ
ብሓደ ሸነኽ ከኣ ቁሩብዶ ፈሪድኪ
እዞም ዓመት ዓመት ዝነግዱኒ
ከይገድፉኒ ደኣ ይኽደነኒ !
እንተኾነ ጽቡቕም ኢየ ዝምነ
ዓዶም ይሕሸም ይትረፈኒ ኣነ።

ካስል፡-
ድሕሪ ናጽነት'ውን
19 ዓመት ኣቑጺርና
ንዓመታ እዚ እዋን'ካ
ከነሕልፎ ኢና ኣብ ዓድና።

ዓድና፡-
ዓድና ዲክታቶር ወኒንዋ ገቢሉ
ብዘይካይ ዋላ ሓደ የለን ኢሉ
ኣነ ኢየ ፈራዲ ሓራዲ
ትንቢቱ ኣርእዩና እቲ ጌጋ መንገዲ።

ዔብ፡-
ኣይለበምካን ኢሳያስ
ድሌት ህዝቢ ኣርዊ ይኣኽለካ ሎምስ
ግደፉ እዛ ስልጣን በዚሑ ሕምስምስ
እዚ ትኩር ህዝቢ ኣቢልኩሞ ርምስ።

ታርኽ ዘይመሓይሽ
ዘይጥፍእ ዘይበርስ
ብጽሑፍ ክቅረጽ
ክንገር ክሙገስ
ኣይበደለን እዚ ህዝቢ
ኣይተብሎ ጎሰስ።

ጎሰስ፡-
ኣካይዳና ኣካይዳ ኣባ ጎቢየ
ከየዕረፈ እግሩ ብንጉሁኡ ተላህየ

ህዝቢ ኤርትራ ግን
እናኽኣለ ክጎዪ
ንደቁ ኣሕዲካ ገካዮ በኻዪ
ሃገሩ ገዲፉ ስደት ኣናዳዪ።

ዘሕዝን ኢዩ፡-
ኣብ ብሩሰል በልጁም
ሓደ ካብ ሓዋርያታቱ
ስደተኛታት የብልናን
ክብል ኢዩ ሞጊቱ።

እዋይ ዘረባ!
ኪድ እባ ረኣዮሱዳን ሸመልባ
ህጻናት መሊኡ እቲ ዛሬባ
ብመንእሰይ ተሰኒዩ እቲ ኣኸባ፡
ሸማግለታት እውን ብዕድመ ዝደፍኡ
ሎሚ ዱታ ካብ ሃገሮም ምጠፍኡ።

ዘራይ ህዝቢ፡-
መን ኢዩ ዝዘርየሉ ነዚ ህዝቢ
ንገሩኒ እስከ ልብኹም ይዓቢ !

እቲ ልበይ ዝብሎ
ኣነ ክነግረኩም
ፈትሊ ምስ ዝሓብር
ኣንበሳ ይኣስር።

ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪዳን
ሃገራዊ ዋዕላ ብጽንዓት ምክንዋን።

ንሱ ይመስለኒ ዝወቅዖ እቲ ሸቶ
እቲ ጽቡቕ ድሌት ልብኹም ዘይስሕቶ
ኢድ ንኢድ ንተሓሓዝ ሃየ ነዐውቶ።

ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ስዉኣትና
ዓወትን ሞጎስን ንህዝቢ ኤርትራ
*ኣሜን !*

*ኣበባ ዮውሃንስ / ሆላንድ/*